# ዑዉት በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዩ ኣብ ኣብ ከተማ ሁይስቶን

ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከተማ ሁይስቶን ብዝደመቐ ተኸቢሩ ዉዒሉ። ማሕበር ደቀንስትዮ ሁይስቶን፡ ነዛ ኽብርቲ በዓል፡ ኩለን ፡ ብምርድዳእ ቅድሚሕጂ ተገሩ ዘይፍለጥ ነታ ዉቅብቲ ባንዴራና ዝዉክል ሕብርታት ዘሎዎ ብምስፋይ ፡ መወዳድርቲ ኣልቦ ተኸዲነን ወጋሕ ትበል ለይቲ ክለሃያን ክቆጻጺያን ሓዲረን። ኣቦታትን ኣሕዋትን ዉን ንኽብሪ እዛ በዓል እዚኣ ምስ የሕውቶምን ኣዴታቶምን ብዘይ ዕረፍቲ ክሕጎሱን ክስዕስዑን ሓዲሮም። ማሕበር ደቀንስትዮ ሁይስቶን፡ ናይ ለዘበን ዓመት ኣበዓዕላ ብኣከዳድነኤን ጥራሕ ኣይኮናን ካብ ዝሓለፈ ፍሉይ ዝገበረኦ። ኣብቲ ስራሕውን ካብ ቲኬት ምቑራጽ ጀሚርካ፡ መስተ ምዕዳል፡ መደብ ምእላይ፡ ጸጥታ ኣብ ምኽባር ተኣምር ሰሪሔን ኢየን። ነዚ ዕለት እዚ ዝምልከት ኣደመንበር ንግስቲ ገብረሉዑል ቃል ሃማደኤ ከተስምዕ ከላ ፡ ብጻይ ከበደምን ህጻን ሳብሪና የማንነይ ድማ፡ ኣዝዩ ዝምስጥ ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ ግጥሚ ኣስሚዖም። እቲ ጓይላ ኣዝዮ ዑምር ስለዝነበረ፡ ጸወታ ሰዓት 5 ወጋሕታ ኢዩ ደው ኢሉ። ኣደራሽ ሰሓቕን ፍሰሃን ኮይና ኢያ ሓዲራ። ሓድነትናን ተወፋይነትና ኣብ ቦቱኡ ከምዘሎ ዝተመስከረላ ምሸት ኢያ ነይራ። ድምቀት በዓል መዓልቲ ደቀንስትዮ፡ ንድምቀት መዓልቲ ናጽነት ዘበሸር ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ዑዱም ድማ መዓልቲ ናጽነት የራኽበና ብምባል ብሰላም ነንገዘኦም ተፈናነዉ።

ዓወት ንሓፋሽ

ዑቕባይ።